ነተን ኣብ ሆስፒታል ØSTFOLD ቦደ ዝሓርሳ ደቂ ኣንስትዮ እተዳለወ ሓበሬታ ብዛዕባ ፕሮጀክት ምርምር

## ዕላማ እቲ ፕሮጀክት

ሆስፒታላት ኖርወይ፡ ኣብ እዋን ሕርሲ፡ ኣብ ሕርሲ ዝረአ ምዕባለ ንምግምጋም፡ ፓርቶግራም ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO-Partogrammet) ዝበሃል ቅጥዒ ይጥቀማ። ኣብ 2020 ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO)፡ ኣብ ሕርሲ ንዝግበር ምዕባለ ንምግምጋም ዝሕግዝ "መምርሒ ክንክን ሕርሲ" ዝብሃል ሓድሽ ቅጥዒ ኣዳልዩ እዩ። መምርሒ ክንክን ሕርሲ ብዛዕባ ምዕባለ ሕርሲ ኣብ እተገብረ እዋናዊ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ኰይኑ፡ ሓደ ኻብቲ እተገብረ መጽናዕቲ፡ ምኽፋት ማህጸን ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝፈላለ ዝገልጽ እዩ። ብዘይካዚ፡ መምርሒ ክንክን ሕርሲ ኣብቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ናይ ምምራጽ ናጽነት፡ እንተላይ ኣብ እዋን ሕርሲ ዘለወን ናይ ምምራጽ ናጽነት እውን ዘተኰረ እዩ። ኣብ ኖርወይ ቅድሚ 2024 እቲ መምርሒ ክንክን ሕርሲ ገና ኣይተኣታተናዮን ኔርና። ዕላማ ናይዚ መጽናዕቲ እዚ ኸኣ፡ ነቲ መምርሒ ክንክን ሕርሲ ናብ መላእ ሃገር ቅድሚ ምትእትታውና፡ ክሳዕ ክንደይ ውጽኢታዊ ምዃኑ ንምምርማር እዩ፣ ከምኡ ምግባርና ድማ፡ ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ ኖርወይ ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰን ምስ ኵነታተን ዝሰማማዕን ክንክን ንምሃብ የኽእለና።

ሆስፒታል Østfold ሓደ ካብቶም ኣብዚ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ዝተሳተፉን ካብ 2025-2026 ኣብ ዘሎ ግዜ "መምርሒ ክንክን ሕርሲ" ዝብሃል ሓድሽ ቅጥዒ ዝተኣተተወሎምን ዓሰርተ ሆስፒታላት እዩ። እተን እተፈላለያ ሆስፒታላት መደብ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO-partogrammet) ናብ “መምርሒ ክንክን ሕርሲ” ዝቕይራሉ ግዜ ብኤሌክትሮኒካዊ መገዲ ዝውሰን ኰይኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብዚ ጽልዋ ከሕድሩ ኣይክእሉን እዮም። እተን ሆስፒታላት በቲ ሓድሽ ቅጥዒ ክጥቀማ ምስ ጀመራ፡ ኵሉ እቲ ኣብቲ ሆስፒታላት ዝፍጸም ሕርሲ በቲ ሓድሽ ቅጥዒ ክትትል ክግበረሉ እዩ።

## እቲ ፕሮጀክት ንዓኺ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፧

*ሕርስኺ ከከም እቲ ንዓኽን ንውላድክን ዘድልየኩም ኵነታት ከምኡውን በቲ እቲ ሆስፒታል ክትሓርሲ ኸለኺ ናይ ሕርሲ ምዕባለ ንምግምጋም ዝጥቀመሉ ቅጥዒ ኣቢልካ ክትትል ክግበረሉ እዩ፣ ከምኡ ዝገብር ድማ፡ ኣብቲ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ትካፈሊ ኩኒ ወይ ኣይትኹኒ ብዘየገድስ እዩ። እቲ መጽናዕቲ ንዓኺ ይኹን ንውላድኪ ዝኾነ ጉድኣት የብሉን።*

*እቲ ንመጽናዕታዊ ፕሮጀክት ክንእከቦ እንደሊ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ መዝገብ ሕርስኺ ዝምዝገብ ንቡር ሓበሬታ እዩ። ገለ ኻብቲ ሓበሬታ ንኣብነት ዕድመ፡ ንውሓት ግዜ ጥንሲ፡ ንውሓት ግዜ ሕርሲ፡ ኣብ እዋን ሕርሲ እተገብረ ሓገዝን ስጉምትታትን፡ ከምኡውን ብዛዕባ እቲ እተወልደ ሕጻን ኣብ መዝገብ ሕክምናኺ እተመዝገበ ሓበሬታ እዩ።*

*<u>እቲ ናይ ሕርስኺ ሓበሬታ ነቲ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ከተበርክቲ ምስ እትደልዪ፡ ነዚ ቅጥዒ ምፍራም ወይ ምልኣኽ ኣየድልየክን እዩ።</u>*

*ብዛዕባ እቲ ዘሕለፍክዮ ኵነታት ሕርሲ ዝምልከት ናይ መሕተቲ ቅጥዒ ክትመልኢ ክትሕተቲ ኢኺ። ድሕሪ ሕርሲኺ ኣስታት ኣርባዕተ ሰሙን ጸኒሑ፡ ናይ ሓበሬታን ናይ መሕተቲ ቕጥዕን ሊንክ ዝሓዘ መልእኽቲ ናብ ሞባይልኪ ክለኣኽ እዩ። ነቲ መሕተቲ ቅጥዒ ክትመልእዮ ኣስታት 20 ደቓይቕ ጥራይ እዩ ዝወስደልኪ። ነቲ መሕተቲ ቕጥዒ ምምላእ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ወለንታ እተመስረተ እዩ። ነቲ መሕተቲ ቕጥዒ እንተ መሊእክዮ፡ ካብቲ ዝመላእክዮ መሕተቲ ቕጥዒ እተረኽበ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ከነእትዎ ከም እንኽእል ተሰማሚዕኪ ማለት እዩ።*

*ብዘይካዚ፡ ድሕሪ ሕርሲ፡ ብሃውሪ ማለት ብዘይ ስሩዕ መገዲ ንዝተመርጻ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ብዛዕባ ተመኩሮ ሕርሲ ዝምልከት ትኹረት ጒጅለ ቃለ መጠይቕ ክሳተፋ ክንሓትት ንደሊ። ንገለ ተሳተፍቲ ብናይ ሞባይል መልእኽቲ ኣቢልና ክንጽውዐን ኢና፣ እቲ ቃለ መጠይቕ ድማ ኣብ ሆስፒታል ብጒጅለ ክካየድን ኣስታት ሓደ ሰዓት ክወስድን እዩ። እቲ ተሳትፎ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ወለንታ እተመስረተ እዩ። ኣብቲ ትኹረት ጒጅለ ቃለ መጠይቕ ክትጽንበሪ ሕራይ እንተ ኢልኪ፡ ካብቲ ቃለ መጠይቕ ዝርከብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ምእንቲ ኽነጠቓልሎ ፍቓድኪ ኽትህቢ ዝሓትት ናይ ስምምዕ ቅጥዒ ኽትፍርሚ ኽንሓትተኪ ኢና። እቲ ውጽኢት ምስቲ መጽናዕቲ ኣብ ዝተሓሓዝ ጽሑፋት ክወጽእ ይኽእል እዩ፣ ኣብኡ ግን ኵሉ እቲ ሓበሬታ መንነትኪ ብዘይገልጽን ካልእ ሰብ ከለልየኪ ብዘይክእልን መገዲ እዩ ዝወጽእ።*

## እቲ መረዳእታኺ እንታይ እዩ ዝግበር፧

*ንኹሉ እቲ ብዛዕባኽን ብዛዕባ ውላድክን ዝምልከት መረዳእታ ቅድሚ ምጥቃምና፡ መለለዪኺ ዝኾነ መንነትኪ ተሓቢኡ ብኻልእ መለለዪ ኽትካእ እዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ መረዳታኺ ብዘይ ስምክን ናይ ልደት መለለዪ ቝጽርኽን ወይ ብዘይ ካልእ ብቐጥታ መንነትኪ ዝሕብር ሓበሬታ እዩ ኽውሰድ። እቲ ምስ መረዳእታኺ ዜራኽብ ኮድ ብመሰረት መምርሒታት/ሕጊ ምኽዛን መረዳእታ ምርምር ኣብ ውሑስ ናይ ኮምፕዩተር ሲስተም እዩ ዝቕመጥ። ተመራመርትን ኣተሓባባሪ ፕሮጀክትን ጥራይ እዮም ነቶም ኮዳት ክረኽቡ ዝኽእሉ፣ እቲ ናይ ምርምር ሓበሬታ ኽሕተም ከሎ ኸኣ እቶም ተሳተፍቲ እቲ ምርምር ዝኾነ ውልቀ ሰባት መንነቶም ከም ዘይፍለጥ እዩ ዝግበር። እቲ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ምስ ተዛዘመ፡ እቲ መረዳእታ መጽናዕቲ ንሓሙሽተ ዓመት ንምቁጽጻር ምእንቲ ኽጠቅም ክዕቀብ እዩ። ብዛዕባኺ እተመዝገበ መረዳእታ ናይ ምርኣይ መሰል ኣሎኪ፣ ኣብቲ እተመዝገበ መረዳእታ ዘሎ ዝኾነ ጌጋታት ክትእርሚ እውን መሰል ኣሎኪ። ነቲ መረዳእታ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ነቲ ናይ ድሕንነት ስጉምትታት*

ናይ ምርኣይ መሰል እውን ኣሎኪ። ብዛዕባ መስርሕ መረዳእታኺ ናብ በዓል መዚ ሓለዋ መረዳእታ ኖርወይን ናብ ወኪል ሓለዋ መረዳእታ ናይቲ ትካልን ጥርዓን ከተቕርቢ ትኽእል ኢኺ።

## ተቐባልነት ምርካብ

ዞባዊ ኮሚቴ ስነ-ምግባር ምርምር ሕክምናን ክንክን ጥዕናን፡ ገምጋም ስነ ምግባር ምርምር ብምግባር ነቲ ፕሮጀክት ኣጽዲቑዎ ኣሎ (#603063)። እቲ መጽናዕቲ ብኣካየድቲ ስራሕ ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሆስፒታል Østfold ዝጸደቐ ኮይኑ፡ ብወኪል ተሓላቒ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይ ሆስፒታል Østfold እውን ተቐባልነት ረኺቡ እዩ።

ሆስፒታል ኦስትፎልድን ኣካያድቲ ፕሮጀክት ዝኾና ረቤካ ዳልባይን ስቲነ በርጊትዝን ሓላፍነት ናይቲ ፕሮጀክት ይወስዳ።

ኣብቲ ፕሮጀክት ክትካፈሊ ከም ዘይትሰማምዒ እንተ ዘይሓቢርኪ፡ ኣብቲ ፕሮጀክት ክትሳተፊ ፍቓደኛ ኸም ዝኾንኪ እዩ ዝቕጸር። እዚ ማለት ከኣ ኩሎም እቶም ኣብቲ ፕሮጀክት ከም ዘይሳተፉ ብንጹር ዘይገለጹ ውልቀ ሰባት፡ ብመሰረት ሕጊ ምርምር ጥዕና ዓንቀጽ 13 ንኽሳተፉ ፍቓድ ከም ዝሃቡ እዮም ዝቕጸሩ። ኣብዚ ሰነድ ዝቐርብ ሓበሬታ ንሓባራዊ ውሳነ፡ ግልጽነት፡ ተገማትነት ዘድልዩ ረቛሒታት ከም ዘማልእ ይቑጸር። ሕጋዊ መስርሕ ኣጠቓቕማ ውልቃውን ሕክምናውን መረዳእታ እዚ ፕሮጀክት መጽናዕቲ እዚ፡ ኣብ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ሕጊ ሓለዋ መረዳእታ (GDPR) ዓንቀጽ 6 ቍጽሪ 1 ፊደል e (ንህዝባዊ ዕላማ መረዳእታ ናይ ምጥቃም መስርሕ) ከምኡውን ዓንቀጽ 9 ቍጽሪ 2 ፊደል j (ንሳይንሳዊ ምርምር ዕላማ መረዳእታ ናይ ምጥቃም መስርሕ) መሰረት ዝገበረ እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ሕጊ ውልቃዊ መረዳእታ ዓንቀጽ 8ን 9ን እውን ሕጋዊ መሰረት ኣለዎ።

## ናይ ርክብ ሓበሬታ

ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፡ ምስ ኣካየድቲ ፕሮጀክት ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ውልቃዊ መረዳእታ ኣብቲ ፕሮጀክት ንዝህልወኩም ሕቶታት፡ ምስ ተቖጻጻሪ ሓለዋ መረዳእታ ኣብ ሆስፒታል ኦስትፎልድ ብኢ-መይል personvernombudet@so-hf.no

ምስ ሰላምታ፣ ኣካየድቲ ፕሮጀክት

| | |
|---|---|
| ረበካ ዳልባይ፣ ብዓልቲ ሞያ ሕርሲ፡ ዶክተር፡- rebdal@so-hf.no | ስቲነ በርጊትዝ፡ ብዓልቲሞያ ሕርሲ፡ ዶክተር stiber@so-hf.no |
| ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር ፋኩልቲ ሳይንስ ጥዕና፡ ኦስሎሜት | ፕሮፌሰር ፋኩልቲ ሳይንስ ጥዕና ኦስሎሜት |
| ተመራማሪት፡ ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሆስፒታል ኦስትፎልድ | ተመራማሪት ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሆስፒታል ኦስትፎልድ |

## ፍቓድኪ ናይ ዘይምሃብ መሰል

ካብ ግዜ ሕርስኺ እተረኽበ ሓበሬታ ኣብቲ መጽናዕቲ ንኸይንጥቀመሉ ኽትከልእና መሰል ኣሎኪ። ነቲ ብዛዕባኺ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብቲ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ንኸይንጥቀመሉ ፍቓድ ምስ እትኸልእና፡ ኣባኺ ይኹን ኣብቲ እትረኽብዮ ሕክምናዊ ክትትል ዘስዕቦ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣይክህሉን እዩ።

**ነቲ ካብ ግዜ ሕርስኺ እተረኽበ ሓበሬታ ኣብቲ መጽናዕቲ ኽንጥቀመሉ ፍቓደኛ እንተ ኼንኪ፡ ነዚ ወረቐት እዚ ኽትፍርምሉ ኣየድልየክን እዩ።**

## ነተን ሓበሬታአን ኣብቲ ፕሮጀክት ምርምር ክኣቱ ዘይደልያ እተዳለወ ናይ ፊርማ ወረቐት

ካብ ግዜ ሕርስኺ ንእተረኽበ ሓበሬታ ኣብቲ መጽናዕቲ ኽንጥቀመሉ ዘይትደልዩ እንተ ኼንኪ፡ ነዚ ወረቐት ፈሪምኪ ንመሕረሲት ወይ ኣብቲ ወረቐት ንእተጠቕሰ ሓኪም ሃብዮ።

መረዳእታይ ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ክጠቓለል ኣይደልን እየ ☐

ቦታን ዕለትን ______________________ ፊርማ፣ ስምክን ስም ኣቦኽን ______________________________

ስምክን ስም ኣቦኽን ብፍሩይ ቃላት ______________________________

ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝገልጽ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት እተዳለወ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት ይርከብ፦ https://uni.oslomet.no/norwelcg/. ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ሓበሬታ ርኸብ፦ እንግሊዝኛ፡ ስጳንኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ፖላንድኛ፡ ኡርዱ፡ ዓረብኛ፡ ሶማልኛ፡ ዩክረይኛ https://uni.oslomet.no/norwelcg/